ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

# ዝርዝር ኣጀንዳ

1. ዓመታዊ ትልሚ ተዛቲኻ ምዕዳቕ
2. በቢኸባቢኡ ሓገዝቲ ኣባላት ምምራፅ/ምዕዳቕ/
3. ሓዲሽ ፕሮጀክት ኮልጅ TVT ሓፂር ገለፃ
4. ናይ ኣባላት ጠቐምቲ/ሃነፅቲ/ ሓሳባት ምቕባል

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

# ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

- **ጨንፈር መቐለ**

- 

- ትልሚ 2009 ዓ/ም
- (ካብ ሓምለ1/2008 ዓ.ም - ሰነ 30/2009 ዓ.ም)
- ነሓሰ 2008ዓ. ም.
- መቐለ

# መእተዊ

- ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብ1952 ዓ/ም ብዝወፀ ፍ/ሕ/ቁ. 404 ኢ/ያ ምዝገባ ደንቢ ቁፅሪ 321/1959 መሰረት ብዕለት **8 ሓምለ 1995 ዓ/ም** ንዘይተወሰነ እዋን ተጣይሹ፣ ክሻብ ሀዚ 2008 ዓ/ም ፍቓድ ማሕበሩ እናሓደሰ ዝመፀ ሕጋዊ ስብእና ዘሎዎ ማሕበር እዩ።

- ማ/ ል/ ኢሮብ **ንዳግመ ሕውየትን ቀፃሊነት ዘሎዎ ልምዓትን ህዝቢ ኢሮብ** ዝብል ዕላማ ሒዙ ዝተጣየሸ፤
- ንትርፈ ዘይቆመ ዘይመንግስታዊ ዘይሃይማኖታዊን ፖለትካዊን ዘይኮነ ማሕበር እዩ።
- እዚ ማሕበር ኣብዚ ሐዚ እዋን **ዋና ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ዓዲግራት** ብምኽፋት፣ በብከባቢኡ ዝተፈላለዩ ጨንፈራት ኣለዉዎ ፤
- ካብቶም ጨንፈራት እቲ ሓደ ጨንፈር መቐለ

- ስራሕቲ ማ/ ል/ ኢሮብ ኣብ ከተማ መቐለ ኣብዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት  ብፍላይ በቲ ናይ ኣባልነት ቀንዲ መዐቀኒ ዝኾነ ወርሓዊ ክፍሊት ተዳኺሙ ፀኒሑ እዩ።
- እቶም ፅቡቕ ከፊሎም ዝበሃሉ **ክሻብ ሰነ 2007 ዓ/ም ጥራሕ እዮም ከፊሎም፣**
- እዚ ፀገም ቀንዲ ናይ ማሕበር ኣባላት ፀገም ዘይኮነስ እቲ ኣብ ኣመራርሓ ዘሎ ኣካል ተኸታቲሉ ክውድብን ከኽፍልን ብዘይምኽኣሉ እዩ።
- **ናይ ኣባላት ፀገም ኣይነበረን ማለትና ግን**

- እዚ ዘጋጠመ ፀገም ኣብ ግምት ብምእታው ኣብዚ ቀረባ እዋን **ብሰነ 05/ 2008 ዓ/ም** ዝተመረፀ ሓድሽ ኮሚቴ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝቆመሉ ዕላማ ንምዕዋት፤
- **ናይ 2009 ዓ/ም በጀት ዓመት** እዙ ዝስዕብ ትልሚ ኣውፂኡ ብሓድሽ መንፈስ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ።
- ናይዚ ምንቅስቓስ እታ ቁልፊ ግን ኣብ ኢድ ኣባላቱ እያ ተርከብ።

/ኣብ ሰዓቱ ክፈሊት ፣ ኣኼ፣ ሓቤሬታ ዓንዲ ሕቖ

# 1. ዕላማ

- ኣብ መቐለ ዝነብሩ ተወለድትን ፈተውትን ኢሮብ ተወዲቦም ብዓቅሞም ኣብ ልምዓትን ማሕበራዊ ጉዳያትን ኢሮብ ንኽሳተፉ ምግባር፣
- ኩሉ ኣባል ማ.ል.ኢሮብ ቀንዲ መለለይ መንነቱ ዝኾኑ "**ቋንቋን ባህልን**" ኢሮብ ንኽዓቢን ክዕቀብን ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ንኽገብር ምግባር፣

# 2.ኣንፈት ኣፈፃፀማ

- ካብ ሓምለ 2008 ዓ/ም ጀሚርና ነባራት ይኹን ሓደሽቲ ኣባላት ብሓድሽ መንፈስ ኣብ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ተወዲቦም ተጠናኺሮም ግቡእ ክፍሊት ኣባልነት ክኸፍሉ ምግባር፤
- ናይ ሕሉፍ ውዝፍ ክኸፍል ድሌትን ዓቕሚን ዘሎዎ ኣባል ማሕበር ዝተረፎ ውዝፍ ኣፃሪኻ ምቕባል፤ናይ ምስጋና ደብዳቤ ብስም ማ/ል/ ኢሮብ ምሃብ።
- እቲ ብጨንፈር ደረጃ ተጣይሹ ዘሎ ኮሚቴ ኣብ ትሕቲኡ ኣማኸርቲ/ ሓገዝቲ/ ኮሚቴታት ብምጥያሽ በብከባቢኡ ዘሎዉ ደቂ ኢሮብን ፈተውቱን ኣብ ማ/ል/ ኢሮብ ንኽውደቡ ምስራሕ፤

# ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

- ኣብ ከባቢ መቐለ ዝርከቡ ኣባላት ቦርድ ምስ በብከባቢኡ ዝተመደበ ኣባል ኮሚቴ ጨንፈር መቐለ ብምኧን ኣድላይ ደገፍን ክትትልን ንኽገብሩ ምፅዓር፤
- ኩሉ ኣባል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብዝለዓለ ወነ ኣብ ልምዓት፣ ባህልን ቋንቋን ዓዱ ብማሕበሩ ኣቢሉ ንኽሰተፍ ምግባር፤
- ኩሉ ኣባል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ናይዚ ማሕበሩ ናተይነት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ብምብፃሕ ብሓሳብን ብገንዘብን ክተሓባበርን ንኻልኦትውን ከተሓባብርን ምግባር፤

- ኩሉ ኣባል ኣብ ማሕበሩ ዝለዓለ እምነት ንኽህልዎ፣ **ናይ ማሕበሩ ውሽጣዊ ኣሰራርሓትን ከይዲታትን ኩሉ ንኣባላቱ ግልፂ ብምግባር፤ ኣባላቱ ብዝርደኡዎ መንገዲ ንኽትግበር ምፅዓር፤**
- ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ገና ብኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ስለዘይደልደለ ኩሎም ንሰርሖም ስራሕቲ፣ ብዘይ ምንም ክፍሊት ንህዝብናን ዓድናን ብነፃ እንሰርሖ ስራሕ ስለዝኾነ ኩሉ ኣመራረሓን ኣባልን እዚ ተረዲኡ ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ክገብር ምስራሕ ፤

# 3. <u>ሓፈሻዊ ሸቶታት</u>

- ኣብ መቐለ ዝርከቡ ደቂ ኢሮብ ኩሎም ንኽፋለጡ ብምግባር ኣብ ሞንጎኦም ልዑል ፍቕሪን ምድግጋፍን ንኽህሉ ምግባር፣
- ኣባላት ብምብዛሕ እቶት ማሕበር ምዕባይን ናይ ኣረኣእያ ሓድነት ብምፍጣር ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ጉዳያት ዓዶም ናይ ባዕሎም ኣስተዋፅኦ ንኽገብሩ ምትሕብባር፣
- ሕድሕድ ኣባል ማ.ል.ኢ ዝፈልጦም ፈተውቱ
- (ፈተውቲ ኢሮብ) እናተሓባበረ ፍሉይ እቶት ንማሕበር ዝኣትወሉ ሜላ ብምምሃዝ እቶት ማሕበር ምዕባይ።

# 4. ሽቶታት ብዝርዝር

- ጠቕላላ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ከተማ መቐለ ኣብዚ ዓመት (ነባራትን ሓደሽትን) ብዝሒ 300 ምብፃሕ፣
- ካብ ኣባልነት ክፍሊት ብር 36,000.00 ምእካብ፣
- ኣብ ዓመት 4 ጊዜ ምስ ኣባላት ብመልክዕ ኣኼባ ምዝታይ
- ምስ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቦርድ ብምርድዳእ ኣብ መቐለ ናይ እቶት መተኣካኸቢ መድረኽ ብምድላው ብር 300,000.00 እቶት ምርካብ።

## 5.ኣወዳድባ ብዝምልከት

- ኣብ መቐለ ዝርከቡ ደቂ ኢሮብ ኣወዳድባ ኣብ ከባቢ ኢሮብ ምስ ዘሎ መዋቅር ዝቐረበ ኾይኑ ሓሙሽተ ማእኸላት ይህልዎ።
- እዚ ኣወዳድባ ዝመረፅናሉ ምኽንያት ድማ በብከባቢኡ ዝርከቡ ሰባት ንንውሕ ዝበለ ጊዜ ኣብ ሓደ ኣከባቢ ዓቢዮም፤ ተማሂሮም፤ ስለዚ ዝበለፀ ክፋለጡ ይኽእሉ ተባሂሉ ስለዝግመት፤ ንዝበለፀ ውፅኢት ስራሕ ድማ ምፍላጥን ብቐረባ ክትራኸብ ምኽኣልን ወሳኒ ከምዝኾነ ስለዝእመነሉ እዩ።

- **ሀ. <u>ኣሰሓ ፋን፡-</u>** ማለት ከባቢ ኣራዕ ሰብዓታን ሓረዘን ኮይኑ ነዚ ማእኸል ዝጥርንፉ 1 ናይ መቐለ ጨንፈር ኮሚቴ ኣባል፣1 ቦርድ ኣባል ከምኡ’ውን ሕድ ሕድ 3 ከባቢ ዝከታተሉ ተወከልቲ ይህልዉ።
- እዞም ንኡስ ኮሚቴ ተፀዋዒነቶም ንጨንፈር መቐለ ማ.ል.ኢ ኾይኑ ኣብዚ ትልሚ ወፂኡ ብዘሎ መሰረት ብጨንፈር መቐለ ማ.ል.ኢ ዝወሃቦም መደባት ይፍፀሙ፤

- ለ. **ሞሲጋደከ ዓጋራለ ፋን፡-** ኣብዚ ማእኸል ከባቢ ጣቢያ እዳሞሳን ዓገረለኾማን እውን 1ናይ ጨንፈር መቐለ ማ.ል.ኢ ኣባል ኮሚቴን 1 ኣባል ቦርድን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ሕድ ሕድ ጣቢያ ካብ 1-3 ዝኾኑ ተወከልቲ ይህልዉ ፤ኣብ “ሀ” ዝተቐመጠ ስራሕ ድማ ይፍፅሙ።
- **ሐ. ዓሊተኒ ፋን፡-** ማለት ከባቢ ጣቢያ ዓሊተና ኾይኑ ኣብዚ ማእኸል እውን 1 ናይ ጨንፈር መቐለ ኮሚቴ ኣባል፣1 ናይ ቦርድ ኣባል ከምኡ’ውን ምስ ስፍሓትን ኣቀማምጣን እታ ጣቢያ ተራኢዩ ካብ 1-3 ተወከልቲ ይህልዉ፤ኣብ “ሀ” ዝተቐመጠ ዝርዝር

- **መ. <u>ዋርዓትለ ፋን፡-</u>** ከባቢ ወርዓትለ ኾይኑ ኣብዚ ማእኸል እዚ እውን 1 ናይ ጨንፈር መቐለ ኮሚቴ ኣባል፣ 1 ቦርድ ኣባል ከምኡ’ውን ምስ ስፍሓትን ኣቀማምጣን እታ ጣቢያ ተራኢዩ ካብ 1-3 ተወከልቲ ይህልዉ፤ኣብ “ሀ” ዝተቐመጠ ስራሕ ድማ ይፍፅሙ።
- **ረ. <u>ኣድጋዲ ዓሪህ ፋን፡-</u>** ከባቢ ጣቢያ እዳልገዳ ኮይኑ ኣብዚ ማእኸል እውን 1 ናይ ጨንፈር መቐለ ኮሚቴ ኣባል፣ 1 ቦርድ ኣባልን ከምኡ’ውን ምስ ስፍሓትን ኣቀማምጣን እታ ጣቢያ ተራኢዩ ካብ 1-3 ተወከልቲ ይህልዉ፤ ኣብ ፊደል “ሀ” ዝተቐመጠ

# 6.ኣባላት ኣብ ምፍራይ

- ናይ ጨንፈር መቐለ ማ.ል.ኢ ኮሚቴ ምስ በቢከባቢኡ ዝተመረፁ ኣማኸርቱ/ሓገዝቱ/ ኮሚቴታት **ንዘይተወሰነ ጊዜ ኩሉ ጊዜ ሰንበት ሰዓት 9:00** ድሕሪ ቀትሪ እናተራኸቡ ስራሕቲ እናገምገሙ ይፍፅሙ ኣባላት ናይ ምፍራይ ስራሕ'ውን ይሰርሑ።
-

# 7. ወርሓዊ ክፍሊት ኣብ ምኽፋል፡-

- ብዝተኽኣለ መጠን ብቦርድ ዝተወሰነ ዝነኣሰ ክፍሊት ኩሉ ኣባል ናይ ዓመት ሓደ ጊዜ ኣብ ውሽጢ 2008 ዓ/ም የጠናቅቕ፤
- ሓደ ጊዜ ክኸፍል ዘይከኣለ ግና በብ6 ወርሒ 2ተ ጊዜ ወይ ከዓ በብ3ተ ወርሒ ኣርባዕተ ጊዜ ክኸፍል ይኽእል እዩ፤ነዚ ዘይኽእል ኣብቲ ዝተነፀረ ቦታን ሰዓትን በቢወርሑ ይኸፍል፣
- ሓደ ኣባል ማሕበር ብቦርድ ኣብ ዝተወሰነ ዝነኣሰ ክፍሊት ከይተገደበ ከም ዓቕሙን ድሌቱን ካብኡ ንላዕሊ ክኸፍል ይኽእል'ዩ፤

# ናይ ኣባላት መበገሲ ወርሓዊ ክፍሊት

1. ንቀዳማይን ካላይን ደረጃ ተምሀሮ ብር 1
2. ንዩኒቨርስቲ ተምሃሮ ብር 2
3. ንሓረስቶት /መደበኛ ስራሕ ንዘይብሎም/ብር 5
4. ንወርሓዊ ደሞዝ ሰራሕተኛ ብር 10
5. ንነጋዶ መበገሲ ብር 20 ካብኡ ንላዕልን

- ሓደ ኣባል ማሕበር ብቦርድ ኣብ ዝተወሰነ ዝነኣሰ ክፍሊት ከይተገደበ ከም ዓቕሙን ድሌቱን ካብኡ ንላዕሊ ክኸፍል ይኽእል’ዩ፤
- ቅድሚ ሓምለ 2008 ዓ/ም ዝነበሮ ውዝፍ ክፍሊት ክኸፍል ፍቓደኛ ንዝኾነ ኣባል ማሕበር ይኹን ካልእ ሓገዝ ንዝገብር ወገን ኣብ ቅብሊት ደረሰኝ እዋኑን ምኽንያቱን ብምንፃር ንዓዱን ህዝቡን ንዝገብሮ ሓገዝ ኮሚቴ ምስጋናኡ እናቕረበ ዝቕበሎ ሙኻኑ።

# 8. እቶት መተኣኻኸቢ መድረኻት ኣብ ምድላው

- እቶት መተኣኻኸቢ መድረኽ ዓርሱ ዝኸኣለ ናይ ባዕሉ TOR (terms of reference) ዘድሊዮ ኮይኑ ከምኣንፈት ግና ምስ ማ.ል.ኢ ቦርድ ብምርድዳእ ኣብ 2009 ዓ/ም ሰፊሕ ናይ ሰብ ሃፍትን ኣባላትን መድረኽ እቶት ምትእኽኻብ ክግበር እዩ፤
- ኣብቱ እቶት መተኣኻኸቢ መድረኽ መን ይተዓደም፣ መዓስ፣ ኣበይ ቦታ ይካየድ፣ ከመይ ይካየድ ዝብል ንፁር TOR ምስ ወፀ ምስ ቦርድን ኣባላት ማሕበርን ምይይጥ ብምክያድ ፀዲቑ ናብ ተግባር ይእቶ፤

- ዓላማ ናይቱ እቶት መድረኽ ምስ ቦርድን ኣባላትን ብምምይያጥ ብዝተሓተ ወፃኢ እንተነኣሰ እቲ ኣብ ሸቶ ዝተቐመጠ ብር 300,000.00 ኣታዊ ንምግባር ምርብራብ፤
- እዙ እቶት መድረኽ ውዑይን ሰሓባይን ንምግባር ብሰሆ ረዲዮ ክጋዋሕ ምግባር ኣድላይ እንተኾይኑ'ውን ካልኦት ናይ ሚድያ ጣቢያታት ብምጥቃምን ኣብቱ ፍሉይ ምድላው መድረኽ ምትእኽኻብ ፍሉጣት ደረፍቲ ኢሮብን ደገፍቲ ኢሮብን ምዕዳም፤

# 9. ገምጋም፣ ክትትልን ሪፖርትን ብዝምልከት

- ናይ ጨንፈር ኮሚቴ ንዘይተወሰነ ጊዜ በብሰሙን ድሕሪኡ ግን በብወርሑ እናተራኸቡ ስራሕቶም ይግምግሙ፣
- ድሕሪ ትልሚዙይ ምፅዳቑ በቢ3 ወርሒ እቱ ብጨንፈር ኮሚቴን በቢከባቢኡ ዝተመረፁ ሓገዝቲ ኮሚቴታት ዝተሰርሑ ስራሕቲን ብጨንፈር ዝወፁ ኣናእሽቲ ወፃኢታትን እናተገምገመ ሪፖርት ናብ ቦርድ የቐርብ፤
- ኣብ መቐለ ዝርከቡ ነበርቲ መቐለ ዝኾኑ 5 ኣባላት ቦርድ ምምስዝተመደብዎ ማእኸል ብምኺን ብቐረባ እቲ ጨንፈር ኮሚቴ ኣባል ይከታተሉን ይድግፉን፤

# 10. ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት

- ኣባላት ማሕበር ሓላፊነቱ ናብ ዝተመረፁ ውሱናት ሰባት ገድፍካ **ብኮሚቴ ጥራሕ ክስራሕ** ምሕሳብ፣
- ንዝተሰርሐ ስራሕ ከዓ ክንዲ ሞራል ምሃብን ከሙኡ’ውን ጉድለቱ ብእዋኑ ክንዲ ምእራምን ምኽሪ ምሃብን፣ ብርሕቀት ብዓይኒ ጥርጣሬ ምርኣይ፣
- ማ.ል.ኢ ብዙሕ ለውጢ ኣየምፀእን ብዝብል ተስፋ ምቑራፅ፤ ኣማዕድኻ ምርኣይ፣
- ወርሓዊ ይኹን ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ብእዋኑ ዘይምኽፋል፤ ኩሉ ጊዜ ክትጥየቕ ምድላይ፤ ፃዒት ኣኼባ ዘይምኽባር፡፡

- ኣባላት ኮሚቴ ማ.ል.ኢ ኣብ ዘሎውዎ ስራሕ (ቤት ዕዮ) ብስራሕ ዝተፀመዱ ምኳኖም፤
- ሕፅረት ስሩዕ መአከቢ ቦታን ቤት ፅሕፈትን ከምኡ'ውን ዓቕሚ ገንዘብን ።

# 11. መፍትሕኦም

- ኮሚቴ ማ.ል.ኢሮብ ጨንፈር መቐለ ብሰናይ ድሌቱ ዝሰሪሕ ኮሚቴ እዩ፤ ኣብቱ ሕገ ደንቢ ንዝተወሰነ ጊዜ ሕድሕድ ኣባል ኮሚቴ ብፅሬትን ተወፋይነትን ንዓዱን ንህዝቡን ክሰርሕን ናይ ለውጢ ሰብን ከዓ ክኸውንን ይግባእ፤
- ናይ ህዝቢ ኢሮብ ፀገም በዚ ንሕና እነዋፅኦ ናይ ወርሓዊ ኣባልነት ክፍሊት ክፍታሕ ስለዘይኽእል ኩሉ ጊዜ ፅኑዕ ውዳበ ሃሊዩ እንተተሰማማዕናን እንተተማኸርናን ሓደሽቲ ሓሳባትን ለውጢን ክመፅእ ስለዝኽእል ኩሉ ኣባል ዕላማ ማሕበር ክርዳእን ከረድእን ምፅዓር

- ናይ ኣባላት ማሕበር ኣኸባታት ፍሉይ መደብ እንተዘይሃልዩ በዚ ዓመታዊ ትልሚ ጊዜ ሰሌዳ መሰረት ኣብ ዓመት 4 ጊዜ ይካየድ፣
- ዝካየዱ ኣኸባታት ብድሞክራሲያዊን ባህሊ ኢሮብን መሰረት ክገብሩ ምልማድ፣ (ኤልኖህ ኣሰይ)
- ኣጀንዳታት ነፂረካ ኣብኦም ጥራሕ ጠመተ ምሃብ፤
- ካብ ኣጀንዳ ዘይምውፃእ ሓሳብካ ምሕፃርን ጊዜ ምቑጣብን፣
- እዙይ ንምምራሕን ንምስትክኻልን ንኣመራርሓ ዘሎዉ ኣካላት ሓላፊነት ምሃብ፤

- ወርሓዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት እንተተኻኢሉ ናይ ዓመት ሓደ ጊዜ ኣብ መጀመርታ 2 ወርሒ ክጠናቀቕ ወይ ኣብ 6ን 3ን ወርሒ ሓደ ጊዜ ክኽፈል ከምዘሎዎ ኣብ ኣንፈት ኣፈፃፅማ ተቐሚጡ ኣሎ፣
- በዚ መሰረት ዘይተቖራረፀ ናይ ኮሚቴ ክትትል እንድሕሪ ሃልዩ ናይ ገንዘብ ኣከፋፍላ ፀገም ክፍታሕ እዩ ዝብል ግምት ኣሎ፣
- ብዘይካ ኣናእሽተይ ናይ **ፅሕፈት መሳርሕን** ናይ ኣባላት **ኣኼባ መፀወዒ ስልክን** ብጨንፈር ደረጃ ዝወፅእ ገንዘብ ኣይህሉን፤

# 12. ምስጋና

እዚ ማሕበርዚ “**ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብዝብል**” ስም ናይ ህዝቢ ኢሮብ ኩለመዳያዊ ፀገም ኣብ ምፍታሕ ንምስታፍ ብፍቓደኝነት ብማሕበር ተወዲብና ንዝሓለፈ 13 ዓመት ክንሰርሕ ከለና ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ድጋፍ እናሃቡ ካብ ጎኒና ንዘይተፈለዩ ኩሎም ብፍላይ ከዓ **ንካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን** ምስጋና እናቕረብና ሀዚ’ውን ኣብ እንገብሮ ኣኸባታት ይኹን ጠቕላላ ስራሓውትና **ካባና ከምዘይፍለዩ እምነትና** እዩ።

**ኮሚቴ ማ/ ል/ ኢሮብ ጨ/መቐለ**

# ብኮሚቴ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር መቐለ በቢከባቢኡ ከተሓባብሩ ዝተሓረዩ ስም ዝርዝር ከባቢያዊ ኮሚቴ ፲ ኣብቲ ስብሰባ ድጋፍ ዝረኸቡ

1. እዳልገዳ :- 1. ኪዳነ ግርማይ 3. ፀጋ ግደይ

2. ዱፍላ ገ/መድህን

2. ኣራዕ ሰብዓታን ሓራዘን 1. ሓጎስ ባራኺ

2. ሎቸየ ተስፋይ ሓየሎም

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

3.ሞሲጋደከ -ዓጋራለ 1. ደጀን ተሰማ 3. ኣድሓኖም ሃይሉ ካሕሳይ
2. ስዩም ሓይሽ ፍሱሕ

4. ወርዓትለ 1. ፍሱሕ ገብራይ ተስፋት 3. ኣማኑኤል ስዩም ግርማይ
2. ኣበባ እምባዬ ካሕሳይ

5. ዓሊተና 1. ሃይለማርያም ኣለማ ተስፋይ
2. ስዩም ኣብርሃ ገብራይ
3. ፍሱሕ ሓጎስ ዮሃንስ

# ንሓፈሻዊ ፍልጠትኩም

ናይ ጨንፈር መቐለ ቐዋሚ ኮሚቴ

1. ኣይተ ደረስ ሰብሓት 0914746108
2. ,, ሃይለ ተስፋይ(ሓኪም) 0914739287
3. ,, ኣብርሃ መለስ 0942672441
4. ,, ዮውሃንስ ሓጎስ 0920885339
5. ወ/ሪት ፋና ተስፋይ 0914179757

ኩሉ ጊዜ ወርሓዊ ናይ መጨረሻ ሰንበት ናይ ኣባላት መዋጮ

ኣብዚ ኣዳራሽ ሰዓት 9፡00 – 10፡00

- ናይ ማሕበር ዌብሳይት www.irobdevelopment.org